# ህዝብና ክተት፣ ሕጂ'ውን ጎሓላሉ ይጉሕሉኻ ኣለው፣
## ንፈነወ ዜና ናይ ኣሰና ኮም ዝምልከት ትዕዝብትና፣

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባብን
حركة الخضر الارترية
من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
Eritrean Green movement
For Social Reconciliation, Justice
and Ecological wisdom

*ንሓደ ኣምላኽ ነኣምን። በዚ ማሕላ እዚ ስራሕና ንጅምር። ናይ ኩሎም ሰባት ሓድነትን፣ ኡነተይና ክብረ-ግርማን ንፈልጥ። ኩሉ ፍጡር፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕርነቱ ክረጋገጽ፣ ጎይታ ስድራኡን መሬቱን እምነቱን ባህሉን፣ ክኸውንን መሰሉ ክሕለዎን ግብኡ ክፈልጥን ንቃለስ። ብዝብል ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንህዝቢ ተላሊና። ጽሑፍታና ብቐጻሊ ኣብ ቶጎርባ ኦርግ* [http://togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/rightMap/EGM-09/3001EGM9-PT.pdf](http://togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/rightMap/EGM-09/3001EGM9-PT.pdf) *ወይ ኣብ ድሞክራሲያ ኦርግ* [http://www.democrasia.org/](http://www.democrasia.org/) *ክትረኽብዎ ትኽእሉ።*

ናይ ሎሚ መጽሓፊና ኣብ እዚ ክልተ ወርሒ ንክትሰምዖ ደስ ዘብል ወረ ካብ ኣሰና ኮም ብጽሑፍን ብሬድዮን ክዝርጋሕ ጸኒሑ። ኩሉ ጥዑም ቓናን ኣዋጅን ግን ከም ባህልና ዝብሎ ክልተ ግዜ ክነኾማስዮን ኣሎና። ብዕቕምና ድማ ክንኮምስዮ ቐኒና። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ እቶም ገርሄኛታት ዜጋታት ራኢና፣ ምዕንቓፍን ንጸገም ህዝብና ዘይምርዳእን ክቕጽርዎ ይኽእሉ። ግን ኣይኮነንን ቐጺልኩም ንበቡ።

ዕለት ክልተ የካቲት ኣብ ፈነወ ሬድዮ ኣሰና ንሓደ ሓላፊ ሽምግሌ ኮሚቴ ድሕነት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ፣ ብግዜጠኛ ኣሰና ኣቶ ኣማኑኤል ኢያሱ እናተሓተ ኣባጋግሳን ኣቓቑማን ዕላማታትን እዚ ኮሚቴ ብሰፊሕ መግለጺ ኣሕሊፎም። ክሳብ እቲ ንመንግስትን ነዚ ኮሚቴን ዝቐራርብ ስም ሽማግሌ ውልቐ ሰብ ጸዊዑ፣ ነቲ ተጀሚሩ ዘሎ ጽገና ሓቂ ከም ዘለዎ ኣረዲኡ። ኣብ መደምታኡ ኣቶ ኣማኑኤል ኢያሱ ድማ «ኩልና ኣብ ወጻኢ ዘሎና ኣብ ጎንኹም ኣሎና» ኢሉ። ኣብ ጎኖም ክከውን ንሓቶ ሕቶ ኣሎ።

ንሕና እዚ ሓቒነት ኣለዎዶ የብሉን ከየደቀሰናሉ ኣይሓደርናን። እንተ ከም መድሕን ህዝቢ ኮይኖም ዝዛርብዎን፣ ብኦም ጌሩ ፍታሕ ክመጽእ ዝህቡና ተስፋታትን ግን ማይ ምሕቛን ኢዩ ንብሎ።

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ኤርትራ ሓደ ፋሺሽታዊ ስርዓት ከም ዘሎ ኩልና ንፈልጦን ንኣምኖን ዓለም ድማ ዝምስክሮ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ፣ ካብ ስባር ዕትሮ መጻሕተር ሓዊ፣ ክሳብ ሰብ ብእርኣያ ስላሴ ዝተፈጥረ፣ ብሕታዊ ጥሪት ናይ እዚ ፋሺሽቲ ኮይኑ ኣብ ምግልጋል ስልጣኑ ዝሃልኽ ኢዩ። «መንግስቲ» ዝበሃል ኣብ ኤርትራ፣ ብዓይኒ ቁኑዓት ኤርትራውያን የሎን። ሓደ ሰብ ጋባርን ሓዳግን፣ ዝሸይሞምን ዝቕንጥጦምን፣ ኮይኑ እቲ ሚኒስተራትን ዲረክተራትን ሺመት ኢዩ። ናይ ስራሕ ቦታት ኣኮነንን። ሰራዊት'ውን ከም ኣብ ኩሉ ስርዓታት ናይ ፋሺሽቲ፣ ጠጥዑሙ ስም ይለጠፎም እንበር ንፋሻዝም ኢሰያስ ዘገልግሉ ንነፍሱን ንህዝብን ዝቐትል ማሺን ኢዩ። እቲ ውድብ ህግደፍ ድማ ከም ናይ ኩሎም ፋሺሽቲ ውድባት፣ መሳርሒ ፋሺሽቲ እዩ። ንሱ'ውን እቲ ዝጸበቐ ስምን፣ ጭርሖን፣ መትከላትን፣ ይሃልዎ እንበር፣ ህላዌኡ ንስልጣን ውልቐ መላኺ ንምንዋሕ፣ ቐንዲ መሳርሒ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ብዝተሓላለኸ ኣገባብብ ሓደ ንሓደ ይሑሉ። ብዘይኣፍልጠ እዚ መላኺ ድማ ክሳብ ዓሰርተ ሰለስተ ወተሃደር፣ ይትረፉ፣ ሓደ ወተሃደር ነዲኡ ሕምምቲ ክርኢ ኣይፍቐዶን። ተኣኪብና፣ ተቓዊሞና ገሊጽና፣ ዕላማታትና ንመንግስቲ ሂብናዮ ዝበሃል ነገር ኣይተገብረን ኣይንብልን ግን ሜላ ናይ ፋሺሽቲ ኢዩ። «ንርእስ ክቕትልዎ ፈቲኖም፣» «ዕልዋ ተሓሲቡ ኔይሩ ፈሺሉ፣» «ኲናት ብሰንኪ ከሓድቲ ፈሺሉ» እናበልካ ኲናት እናጻሕተርካ፣ ንዜጋታትካ እናቐተልካ፣ ቑዋምን ፍትሕን ምዝራብ ካልእ ወንጀል ኢዩ።

ክቡራት ሰብ ጹሮራ፣ ህዝብና ንጽቡቕ ዝገበረልካ ጽቡቕ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ዝብል ባህላዊ ኪዳን ምስ ገባር ጽቡቑ ኣለዎ። ከም'ቲ ሕድሪ ሰውኣትና ስልጣን ንህዝቢ ብ1991ዓም ኣስረኪብኩም እንተትኾኑ፣ ህዝብና በሊዕኩም ትጽግቡ፣ ሰቲኹም ትረዉዩ፣ እኳ ኣይምመሶሎን ብሹመትን ብኽብርን ንዘላኣለም ምዘከረኩም። እንተኾነ ንስኹም ንምጋደልትኹም ዝነበሩን፣ ንሱዉኣትን፣ ንኣካለ ስንኩላትን፣ ንሙሉእ ህዝቢ ኤርትራን፣ ዓለምን፣ ጠሊምኩም፣ ክሳብ ሎሚ ንውልቐ መላኺ ተገልግሉ ጸኒሕኩም። ንደቕና ኣብ ዘይፍትሓዊ ኲናት ኣጥፊእኩሞም። ካብ'ዚ ሓዊ ንዝህድሙ ዕሸላት ኣዝጊብኩም ጸኒሕኩም ቀቲልኩሙዎም።ንኣዴታቶም ኣብ ሓዘነን ከለዋ 50ሺሕ ክፈላ ኢልኩም ኣሲርኩመን። ንገባርና ደቁ ምውሳድ ከይኣክል፣ ካብ ቆፉኡ ሓሊፍኩም እኽሉ ዘሚትኩም። ንሰራሕተኛ ብዘይ ኢንሹራንስን፣ ብቑዕ ደሞዝን፣ ኣበል ጥሮታን፣ መዝሚዝኩሞ። ነዚ ስርዓት ብኽልተ እግሩ ደው ክተብሉ ኣብ ኩሉ መዓሳኽርኩም ኢሰብኣዊ ቤት ማእሰርታትት ሃኒጽኩም፣ ብዙሓት ሓርበኛታት ብዘይ ፍርዲ ኣጥፊእኩም። ሎሚ ለይቲ እውን ክንደይ ሂወት ኣጥፊእኩም ትሓድሩ ትኾኑ ኣምላኽ ንነፍሶም ይምሓራ።
ግዜ ግን ኣብ ኢድ ሰብ ስለ ዘይኮነት ትህብ ትኽልእ። «ነፋይ ሓሙኹሽቲ ኣብ ርእሱ ይምለሶ» ከም ዝበሃል፣ ግፍዕታትኩም ኣብ ደቕኹምን ኣብ ስድራኹምን ኣብ ርእስኹምን ይምለስ ኣሎ። ሎሚ ቓልሲ ዉጹዓት ደንፊዑ። ኣሲርኩም፣ ቀቲልኩም፣ ንስደት ሰዲድኩም፣ ኣይዓገትኩሙናን። ሓይልኹም ቦኺቢኹ። ንሰራዊት ምጥመሪ ሲኢንኩሙሉ። ተረዲእናካ፣ እናበልኩም ትመጻደቑ፣ ዘሎኹም ድማ ንተንኮል እዩ። ሰራዊት ግን ጸማም ኣይኮነንን፣ ከም'ቲ ናይ ቐደም ጠቢርኩም፣ ሚሒልኩም ክትሕዝዎ ከይመስለኩም። ነቒሑ ኢዩ። ንውልቐ መላኺ ሂወት ክትሰኹዑሉ ትጣበቡ ከም ዘሎኹም ቐዲሙ ፈሊጥኩም ኣሎ። ኢሰያስ እኮ ካብ ህንዲ ወተሃደር ኣየምጽኤን፣ ሰራዊትን፣ ቤት ማእሰርትን፣ ቤት

ሓሪጭን፣ ቤት ንግድን፣ መን ድዩ ዝሕልዎን ዘበሳብስን ዘሎ። ንገርኒ ህዝብና ኣይትተንኩሉሉ፣ ሓኢ እንተሎኩም ድማ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ብዉሑዱ ንልቢ ህዝብና ዘረስርስ ግበሩ።

1. ብዘይ ቅድመ ኩነት፣ ናይ ቐደምን ናይ ሕጂን ናይ ፖለቲካን ሕልናንን እሱራት፣ ኣብ ቅድሚ ናይ ዓለም ጋዜጠኛታት ፍትሑ።
2. ስለስተ ሰርቅቲ፣ ኣብ ምምቃል እንተተባሱ እቲ ሳልሳይ ምስ ዝሸንግል፣ ዋና ንብረትስ ክምለሶ ክኣምን ትያትር ትሰርሑ። ደፋራት ኢኹም። ገለን ተባኢስና ትብሉ፣ ገለን ይሸንግሉ፣ ገለን ይሸንገሉ፣ ናይ ሓደ ቅርሺ ገጻት ዘይምዃንኩም ክተረዱኡና ፈቲንኩም። ጸሎኣትናን ቓልስናን ዝጸንሔ ንስኹም ሓዊ ክኣትወኩም እሞ ሓራ ክንወጽእ ኢዩ። ብሓቂ ምስ ህዝቢ ወጊኩም እንተሎኹምግን ካብ ህዝብን፣ ካብ ተቓውሞን፣ ካብ ኣህጉራዊ ቤት ጽሕፈታትን፣ ኣብ ሽምግልና ሓዉሱ።
3. ኣብ ቅድሚ ሬድዮን ቲቪን ጋዜጣን፣ ሃገርን፣ ኣህጉርን፣ ቅረቡ፣ ጠለብኩም ብወግዒ ኣስሙዑ።
4. ንኩናት ዶብ ኮኑኑ። እዚ ውልቐ መላኺ ኣብ ስልጣን ክነብር ዝመሃዞ ጽልእን ደምን ኣየድልየናንን ኢዩ በሉ። ዋርሳይ ገዝኡ ክምለስ ኣፋኑዉዎ። ሕ.መ. ናይ ጸዋታ ቤት ጽሕፈት፣ ንዶብ ጁብትን ኤርትራን ኣመልኪቱ ዘሕለፎ ውሳኔ ተቐቢልና በሉ። እዚ ዘይትብሉ እንተኾንኩም ግን ተንኮልኩም ከይተበገሰ ከሎ ንኣኹም ክበልዓኩም ኢዩ።

እንተ ንሕና ግን ሓቁ ክነግረኩም፣ መናውራትኩም ኩናት ክትውልዑ ደሊኹም ኢኹም። ብስም ተጋደልትን ገድልን ብስም ህግሓኤን ቅድሚ ሕጂ ዝገበርኩሞ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዕንወትን ጥፍኣትን ዘይኣኸለኩም። ንህዝብና ቐደም ኣብ ብሎኮ ኣስመራ ምስ በጻሕኩም ጠሊምኩሞ። ፋሺሽታዊ ስርዓት ብደም ኑጹሃት ይወድቕ ኣሎ። ንስኹም ድማ ምስ እዚ ፋሺሽታዊ ስርዓት ክትወድቑን ክትዋረዱን ክትስደዱን ዝኾነ ኤርትራዊ ኣይምነየልኩምን ኢዩ። ምስ ህዝቢ ወግኑ።

ኦተቓላሳይ ህዝብና፣ ሰራዊትን፣ ገባርን፣ ሽቓላይን፣ ተማሃራይን፣ ከይትኣትዉ። ክሰርቐካ ዝረኤኻዮ ከመልሰልካ ኢልካ ኣይትእመኖ፣ ከም ዝበሃል፣ ብሕልምን ብናይ ሓሶት ተስፋን ኣፍካ ማይ ኣይምላእ። ቁሩብ ከይዲ እዩ ተርፊና ዘሎ፣ ኣኛእኹም ኣጆና፣ ክተት። ክተት ሓምሴናይ፣ ክተት ኣኮሎጉዘታይ፣ ክተት ሰራወታይ፣ ክተት ጋሽ ሰቲት፣ ክተት ባርካ፣ ክተት ሳሕል፣ ክተት ሰምሃር፣ ክተት ሰንሒት፣ ክተት ደንካልያ፣ እንቱም ክተቱ፣ ብብዓድኹም ክተቱ። ብብባይቶኹም ክተቱ። ሕጊ ኣሎኹም ባህሊ ኣሎኩም፣ ንሱ እዩ እቲ ፖለቲካ ኣቦታትና ዝሓደጉልና። ኣቦታትናን ኣብ ሰውራ ዝተሰዉኡን ሕጂ ዝስዉኡ ዘለዉ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ንጸላኢ ክብድሁ ውድብ ክሰርሐ ወይ ውድብ ክመርሖ ኢሎም እንተዝኾኑ ጽቡቕ መሬትን ጽቡቕ ባህልን ጽቡቕ እምነትን መየውረሱናን። ባሮት ኮና ምሃሎና። ንባርነት ብዘይካ ኣድጊ ዝምህለለላ የሎን። ንደቕና ፍትሒ ፍቅሪ እምነት ተስፋ ክነውርሶም ። ንኽተት።

ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኩሉ በብዓዱ ክኸትት፣ ባህላዊ ቓል ኣቦታትና ይደግም ኣሎ። በብዓድና ንወደብ። ከም'ቲ ባህሊ ሃገርና ንኽኾነና ዝበልናዮ ቆጸሊ ነውድቀሉ/ላ። ወጌልን ቁርዓንን ነምሕሎ። እተን ዓድታት ተእኪበን ናይ ወረዳ ሽማግሌታት እመረጻ፣ እቶም ናይ ወረዳ ድማ ንንኡስ ሃገር (ኣውራጃ) ሽማግሌ ይመርጹ፣ እዚኦም ድማ ነቲ ክተት ይምርሕዎ። ኣብ ግዜ ወራር፣ ኣብ ግዜ ኩናት ባህልና ከምኡ እዩ ኔይሩ። ንሓድሶ። መድሕና ኣብ መዳሕንትና ዝተቐብረሉ ቦታ ኢዩ ዘሎ። ኩሉ ዜጋ ነዚ ዕላማ ክብገስ ግዴታ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ኩሉ ዓዳትና፣ ነናቱ ባህልን፣ እምነትን፣ ባይቶን ኣሎዎ። እዚ ግበር እዚ ኣይትግበር ዝበሃል ኤርትራዊ የብልናንን። ማእከላይ ዕልማታትና መብገሲናን ምዕልቢናን ናይ ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ንግሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን ማኒፈስቶ ረኣዩ። ስለ እዚ ነቲ ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ዓድታት ክነውርዶ፣ እሞ ባዕሉ ህዝብና፣ ከከም ዓቕሙ ከም መግቢ ዕለቱ ክምገቦን፣ ክኽደኖን፣ ኣብ ኢዱ ክሕዞን ንበገስ። ክንደይ ግዜ ኢና፣ ደቂ ኣውራጃ ስለ ዝኾኑ፣ ደቂ ሓደ እምነት ስለ ዝኾኑ፣ ደቂ ሓንቲ ብሄር ስለ ዝኾኑ፣ ዓብሊሎምና፣ ጎሲዮምና፣ ክንብል ክነብር ? እዚ ኣባሃህላ እዚ ብስራሕን ብጻዕርን ክንትክእ ክብረት ናይ ኩልና ዝኣምን መንግስቲ ክንተክል ንኽተት። ክብሪ ዘይብላ ሂወት ሙውቲ ኢያ። እዚ ስርዓት ድማ ዕቡይን፣ ትምክሕተኛን፣ ስለ ዝኾነ ንኹሉ ህዝብና ኒዕቑዎ እዩ።

ንኽብረትና ኽተቱ። ሰብኣይ ሰበይቲ ዘይብሉ ዓቢ ንእሽቶ፣ ዘይብሉ ቐሺን ሸኽን ወይ ዓለምን፣ ዘይብሉ ንኽተት። ከይብሉና ኣይንበል። ሕጂዶ ኣውራጃውያን ክብሉና፣ ሕጅዶ ደቂ ዓዲ እዚ ክብሉና እናበልኩም ኣይትሕነኹ። ዓድኹም ኢያ፣ ሂወትን ክብረትን ዝሃበትኩም፣ እንተሎኹም ትኾርዑላ፣ እንተሞትኩም ብሰላም ተዕርፉላ፣ ምስግድኩምን ቤተክርስትያንኩምን ወላ ኣይትኺድዎ ብርሑቕ ዘሙቐኩም፣ ዝሕልወኩም፣ ብኣደ መንነትና ኣይንሕነኽ።

ብቐዳምነት ነቶም ኣብ መርበብ መንነትና ድሕሪ ምግላጽ፣ ዘተባብዑና ነመስግኖም። ካብ ኩሉ ድማ ዓቢ ሽማግሌ ሃገርና፣ ንኣቶ ግርማይ ኪዳነ (ውዲ ቪሊፖስ) ዝሃበና ደገፍ ነመስግኖ። ክትረኽቡና ትደልዩ ነቲ ኢመይልና ተጠቂምኩም ክትሓቱልና ትኽእሉ። ስምናን ኣድራሻናን ነቲ ዝደልየናን ንስራሕ ዝዕድመናን ኢና ንህብ። ምኽንያቱ ፌደራላዊ መንግስቲ እናበልና፣ « ንሕና » ሓለፍቲ ኢና ንብሎ ግቡእ ኣይኮነንን። ኩልና ብማዕረ ንብገስ ኣሎና። ስለ እዚ እቶም ነዚ ባና ክትልዕሉ ትደልዩ፣ ቓልኩም ሃቡና። እቲ መንግዲ ግን ተሪርን ኣድካምን ምዃኑ ቐዲምና ንሕብረኩም። ብርግጽ ግን ክንዕወት ኢና።

Greeneritreans@gmail.com

ኣምላኽ ንቓልስና ይሓግዘና፣ ንሃገርና ይባርኻ፣ ንኡሱራትና ጽንዓትን ጥዕናን የውርደሎም። ኣሜን።